# ዜና ሓሙሻይ ውድባዊ ጉባኤ ዲምሓኩኤ

ሓሙሻይ ውድባዊ ጉባኤ ዲምሓኩኤ ዕለት 28/03/2017 ድሕሪ ቐትሪ ሰዓት 3፡00 ካብ ሽመልባን ሱዳንን ዝመጹ ኣባላት ውድብ ኣብ ዝተረኽቡሉ ብውድባዊ መዝሙር መሲሱዎ፡፡




ነቲ መድረኽ ብዝኽሪ ሰማእታት ድሕሪ ምኽፋት፡ ነቲ መድረኽ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ሓሙሻይ ውድባዊ ጉባኤ ተረኪባቶ፡፡ ብምቅጻል ኣሰናዳኢት ሽማግለ ናይ ስርሓ ሪፖርታ ድሕሪ ምቕራብ፡ ካብ ተሳተፍቲ ጉባኤ ንዝቐረቡ ሕቶታት መሊሻ፡፡



ብምቅጻል ኣቦ ወንበር ዲምሓኩኤ ተጋዳላይ ቀርነልዮስ ዑስማን ንተሳተፍቲ ጉባኤ እንቋዕ ብዳሓን መጻእኹም መልክቲ የሕሊፉ።




ብድሕሪ እዚ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ሓሙሽተ ዝኣባላት ፕረዚዲዮም ኣምሪጻ ነቲ መድረኽ ኣረኪባ። ዝተመርጸት ፕረዚደዮም ርእሳ ድሕሪ ምስራዕ ናይ ኣኼባ ሰዓታት ብምስራዕ መድረኽ ንጉጅለ ባህሊ ኤርኩ ባንድ ኣረኪባ።







ኤርኩ ባንድ ነቲ መድረኽ ተቐቢላ ንሓሙሻይ ውድባዊ ጉባኤ ዘድምቁ ጣዕመ ዜማታትን ግጥምን ኣሰኒያ ንተሳተፍቲ ጉባኤ ኣላሂያ። ኣብ መንጎ መንጎ ኣቦ መንበራት ማሕበራትን ወከልቲን መልእኽቶም ንክሕልፉ ዕድል ሂባ። መኽፈቲ ስነ ስርዓት ሓሙሻይ ውድባዊ ጉባኤ ዲምሓኩኤ ከምዚ ዝተገልጸ ብክብ ዝበለ ድምቐት ክሳብ ሰዓት 6:00 ቀጺሉ ውዒሉ።







ዕለት 29/03/2017 ንግሆ ሰዓት 8፡00 ሪፖርት ማእከላይ ኮሚቴ ቀሪቡ ምይይጥ ተገይሩሉ። ከምኡ እውን ካብ ተሳተፍቲ ዝቐረቡ ርእይቶታት ብምቅባል ንዝወረዱ ሕቶታት ምላሽ ተዋሂቡ። ኣብ ልዕሊ እዚ ውሳኔ ዘድልዮም ኣገደስቲ ነጥቢታት ንምይይጥ ኣቅሪቡ ዝኣክል ጊዜ ተዋሂቡ ምይይጥ ምስ ተገብሮሎም ብሙሉእ ድምጺ ኣጽዲቁ።

**ሓድነትና፣ ሓርነታዊ ቃልስና፣ መልክዕ ውዳቤና ዋሕስ ቀጻልነትና እዩ!!**

**መትከላት ዲምሓኩኤ ንዝልኣለም ክዕንብቡ እዮም!!**

29/03/2017